ቢሮ ፍትሒ ክልል ትግራይ ኣብ 2017 በጀት ዓመት ዝተፈላለዩ ፈርንቸር ናይ መኪና ጎማ ፣መፀባበቂ ፣ኣቁሑትን ብብርኪ ክልል ትግራይ ግልፂ ጨረታ ኣወዳዲሩ ክዕድግ ይደሊ።

- ዝወፀሉ መዓልቲ: ረቡዕ መጋቢት 17, 2017 (ቅድሚ ሓደ ዓመት)
- ዝዕፀወሉ መዓልቲ: ሚያዝያ 1, 2017 8:00 ቅ/ሰዓት (ሓሊፉ)
- ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:5,000
- ቦታ:መቐለ
- ናይ ደኩመንት ዋጋ:100.00
- ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: ሚያዝያ 1, 2017 8:30 ቅ/ሰዓት
- መደብ: መለዋወጢ ኣቁሑት መኪና/ ናይ ቢሮ ፈርኒቸር/

ቑፅሪ _ 911 /ጨ-14/2017

ዕለት 17/07/2017ዓ/ም

2ይ ዝወፀ ምልክታ ግልፂ ጨረታ ቑፅሪ /2017

ቢሮ ፍትሒ ክልል ትግራይ ኣብ 2017 በጀት ዓመት ዝተፈላለዩ ፈርንቸር ናይ መኪና ጎማ ፣መፀባበቂ ፣ኣቁሑትን ብብርኪ ክልል ትግራይ ግልፂ ጨረታ ኣወዳዲሩ ክዕድግ ይደሊ። ስለዚ ፦

1. በቲ ዘርፊ ናይ ዘመኑ ዝተሓደሰ ሕጋዊ ንግዲ ፍቓድ ዋንኡን ሓደ ኮፒን ከቕርብ ዝኽእል፤

2. ናይ ግብሪ ከፋላይ መለለይ ቑፅሪ IIN ሰርትፊኬት ዋንኡን ሓደ ኮፒን ከቕርብ ዝኽእል፤

3. ንተወሳኺ እሴት ታክሲ /VAT/ ዝተመዝገበ ኮይኑ VAI ምዝገባ ሰርቲፊኬትን ናይ 2017 ዓ/ም ናይ VAT ድክላሬሽን ኣብ ወርሒ መጋቢት ኽክውን ኣለዎ ዋንኡን ሓደ ኮፒን ካቕርብ ዝኽእል፤

4. በቲ ዘርፊ ናይ መቕረባይነት ዝተመዝገበ ምዃኑን ናይ ዘመኑ ዝተሓደሰ ምስክር ወረቐት ዋንኡን ሓደ ኮፒን ከቕርብ ዝኽእል፤

5. ኣብቲ ጨረታ ሰዓራይ ዝኾነ ተወዳዳራይ ዝሰዓሮ ንብረት ውዕሊ ካብ ዝኣሰረሉ ዕለት ጀሚሩ ስራሕ መዓልቲን ቀዳምን ሰንበትን ካልኦት በዓላቲን ሓውሱ ኣብ ውሽጢ 10 መዓልቲ ብናይ ባዕሉ መጓዓዓዝያ ናብ ቢሮና ስቶር ክፍሊ በቲ ዝተሓተተ ፅሬትን መጠንን ከቕርብ ዝኽእል፤

6. ናይ መወዳደሪ ደኩሜንት ስርዝ ድልዝ ዘይብሉ፤ናይቲ ትካል ሽምን ኣድርሻን፤ማህተም ፊርማን ዘለዎ ክኸውን ይግባእ፤

7. ተጫራቲ ንዝተዳለወ ዝርዝር መምርሒ ጨረታን ሰነድ ጨረታን ኣብ 2' ምድብ ንዘለዉ ዝርዝር ንብረታት ንሕድ ሕድ ዘይምለስ ብር 100.00 /ሓደ ሚኢት ብር ጥራሕ/ እናኸፈለ ካብ ቢሮ ፍትሒ ክልል ትግራይ ዳይሮክቶሬት ዕደጋ ፋይናንስን ንብረት ምም/ርን ቢሮ ቑፅሪ 317 ሰነድ ጨረታ ገዚኡ ክወዳደር ይኽእል፣

8. ተጫረቲ ናይ ጨረታ ውሕስና መኽበሪ ሰነድ ጨረታ ፈርንቸር ናይ መኪና ጎማ፣ መፀባበቂ፣ ኣቁሑትን ኣብ 2' ምድብ ንሕድሕዶም ብር 5,000(ሓሙሽተ ሽሕ ጥራሕ) ብሽም ቢሮና ቢሮ ፍትሒ ክልል ትግራይ / Bureau oF Justice/ ብ CPO ወይ ብጊዜ

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle

ዘይተገደበ ሰርቲፋይድ ቼክ ኣብ ባንኪ ዝተረጋገፀ ወይ ድማ ብጥረ- ገንዘብ ናብ ዝተዳለወ ናይ ቢሮና ገንዘብ ተሓዚ ወይ ድማ ጨረታ ቕድሚ ምኽፋቱ ከቕርብ ዝኽእል፣ካብዚ ወፃኢ እቲ ዝቐረበ ጨረታ መኽበሪ ገንዘብ ካብቲ ዝተሓተተ ናይ ገንዘብ መጠን ዝተሓተ እንተኾይኑ ብዘይ ምንም ቕድመ ኩነታት ካብቲ ጨረታ ይስረዝ::

9. እቲ ጨረታ ዕለት _ 17/07/2017 ዓ/ም ክሳብ ዕለት 01/08/2017 ዓ/ም ኩሉ ጊዜ በቲ ዕለት ንሱ ልክዕ ሰዓት 8፡00 ድ/ሰዓት ተዓፅዩ በቲ ዕለት ንሱ ስዓት 8፡30 ሰዓት ኣብ ቢሮ ፍትሒ ክልል ትግራይ ዳይሬክቶሬት ዕደጋ፤ ፋይናንስን ንብረት ምምሕዳርን ቢሮ ወከልቶም ኣብ ዘለዉሉ ይኽፈት። ቑፅሪ 317 ተጫረቲ ወይ ሕጋዊ

10. ቢሮና ነቲ ጨረታ ዝሓሸ መማረፂ እንተረኺቡ ብሙሉእ ይኹን ብኽፋል ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ።

11. እቲ ጨረታ ምስተኸፈተ ቢሮና ናይቲ ዝግዛእ ንብረት መጠን ክሳብ 20% ክቕንስ /ክውስኽ ይኽእል እዩ።

12. ሰዓራይ እቲ ዘቕርቦ ንብረት ብበዓል ሞያ ተፈቲሹ ትኽክለኛ ምኳኑ ምስተረጋገፀ ጥራሕ ኣታዊ ይኸውን።

ሓበሬታ፦ ንዝበለፀ ሓበሬታ ብቴሌፎን ቑፅሪ 03 44 40 87 14 ደዊልካ ምሕታት ይከኣል

© *መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ።* 2013 - 2026 Made with love in Mekelle